الحركة الشعبية الإرترية

ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ

Eritrean People's Movement

# <u>ሓባራዊ መግለጺ ኤህምን ሰህኤን ሰዲኤን</u>

## <u>ጨንፈር ሳንድያጎ</u>

ብዕለት 29 ሓምለ 2009 ኣባላት ንኡስ ጨንፈር ሳንድያጎ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ፣ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፣ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ነቲ ብዕለት 9ተ ሓምለ ዝተበጽሓ ናብ ፍጹም ሓድነት ዘብጽሕ፣ ብመሪሕነት ሰለስተ ሰልፊታት/ውድባት ዝተላእከ ሰነድ፣ ብዕምቖት ንምርኣይ ኣኼባኡ ኣካይዱ። ነቲ ዝተበጽሓ ሰነድ ብዕምቖትን ብዝርዝርን ድሕሪ ምክታዕ ከአ ናይ ሐባር ገምጋም አቐሚጡ። ናብ'ዚ ሓባራዊ ሰነድ'ዚ ንምብጻሕ ዝተወስደ ጻዕርታት መሪሕነት ቐሊል ከምዘይኮነ ብምግንዛብ፣ ነቲ ዝተበጽሓ ሐድነታዊ ሰነድ ብምሉእ ድምጺ ስምምዕ ብሓጎስ ተቐቢልዎ። ነዚ ሰነድ'ዚ ብሓጎስ ተቐቢልዎ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ መስርሕ ፍጹም ሓድነት ሰለስተ ውድባት ንኽቀላጠፍ ኩሉ ዝከአሎን ካብኡ ዝጥለብን ክገብር ምዃኑ ኣብ'ቲ ዝገበሮ ኣኼባ መብጽዓ ኣትዩ። እቲ መስርሕ ፍጹም ሓድነት ብሕጋዊ ኣገባቡ ድሕሪ ጉባኤ ናይ ሰለስተ ውድባት እዃ ዝረጋገጽ እንተኾነ፣ ካብ'ዚ መዓልቲ'ዚ አትሒዙ ከም ሐደ አካልን አምሳልን ኮይኑ ክሰርሕ ምዃኑ እውን ኣስሚርሉ። እዚ ሰለስተ ውድባት/ሰልፊታት በጺሕዎ ዘሎ ስምምዕ ንህዝቢ ኤርትራ ተስፋ ዝህብ፣ ንናይ ለውጢ ሐይልታት ጠሚሩ ከቃልስ ዝኽእል ባይታ ፈጢሩ ምህላዉ እውን ርእዩ። ኣብ'ዚ አኼባ'ዚ ዝተሳተፈ ኩሉ ኣባል ኣብ'ቲ ሓድነት ዕጉብን ሕጉስን ጥራሕ ዘይኮነስ እዃ ድአ አመና ደንጉዩምና ዝብል ገምጋም እዩ ሂቡ።

አኼባኛ በዚ አጋጣሚ'ዚ ዕድመ መላኺ ስርዓት ክሐጽር ሰላምን ራህዋን ዝሰፈና ኤርትራ ከአ አብ ዑናኡ መታን ክንሃንጽ፣ አብቲ ዝካየድ ሐደነታዊ መስርሕ ሰፊሕ ህዝብና ድጋፉን ሐገዙን ከበርክት ጸዊዑ።

ሓድነት ዲሞክራሲያዊ ሓይልታት እንኮ ፍታሕ ንቕዋማዊ መንግስቲ እዩ!!

መላኺ ስርዓት ክዓኑ ኢዩ!!

ዝኽሪ ንሰማዕታት ኤርትራ

ፍትሕን ቕዋማዊ መንግስትን ነቲ ኣላሺ ዘይብል ህዝቢ ኤርትራ

ኣቦ ወንበር ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ንኡስ ጨንፈር ሳንድያጎ

በርሀ መንግስ

ወኪል ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን

ፍስሃየ ዑ/ገርጊሽ

29 ሓምለ 2009